Region Gävleborg
**Smittskydd**

መስከረም 2025 ዓ.ም.

**ሰላም!**
ድሕሪ ቁሩብ ጸረ ኮቪድ-19ን ኢንፍሉዌንሳን እትኽትበሉ ግዜ በጺሑ ኣሎ። ብዛዕባ እቶም ክታበታት ኣገዳሲ ሓበሬታ ክንህበካ ንደልይ።

ክታበት ካብ ተላባዕቲ ሕማምት ዝከላኸል ኮይኑ ድሕሪ ጽሩይ ማይ ሓደ ካብ'ቶም ውጽኢታውያን ወፍርታት ህዝባዊ ጥዕና ኣዩ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ሽወደን ልሙዳት ዝነበሩ ብዙሓት ሕማማት ሳላ ብዙሓት ሰባት ዝተኸትቡ ሕጂ ዳርጋ የለውን። (ምንጪ በዓል መዚ ህዝባዊ ጥዕና ሽወደን)።

ኮቪድ-19ን ኢንፍሉዌንሳን ብቐሊሉ ስለዝላባዕ ረስኒ፡ እሑእታን ቃንዛ ኣካላትን ክህቡ ይኽእሉ እዮም። ንገሊኦም እቶም ሕማማት ከበድቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብምኽታብ ናይ ከቢድ ሕማም ስግኣት ትቕንስ - ክታበት ህይወት የድሕን እዩ።

**ኣብ ቀውዒ ነብስኻ ተኸላኸላ - ጸረ ኮቪድ-19ን ኢንፍሉዌንሳን**

- **75 ዓመት ወይ ልዕሊኡ?** ጸረ ኮቪድ-19ን ኢንፍሉዌንሳን ክታበት ክትክተብ ለበዋ ይግበረልካ። **ዝጅምረሉ ዕለት፡ 14ጥቅምቲ**
- **65-74 ዓመት?** ኢንፍሉዌንሳ ክታበት ክትክተብ ለበዋ ይግበረልካ። **ዝጅምረሉ ዕለት፡ 4 ሕዳር**
  ክታበት ኮቪድ-19 ዝወሃብ ኣካል ናይ ኣብ ስግኣት ዘለዎ ጉጅለ ምስ እትኸውን ጥራይ እዩ።
- **ኮል/ሕዱር ዝዓብስ ሕማም ሳምቡእ፡ ሕማም ሽኮር፡ ሕማም ልቢ** (ልዑል ጸቕጢ ደም ጥራይ ዘይኮነ) **ወይ ብርቱዕ ክትሓምም ዝገብር ካልእ ናይ ስግኣት ረቛሒ?** ክልቲኦም ክታበታት ንኽትወስድ ለበዋ ክግብረልካ ይከኣል እዩ። ኣብ 1177.se/Gavleborg. ዝያዳ ኣንብብ።
- **ነብሰ ጾር ድሕሪ ሰሙን መበል 12?** ናይ ኢንፍሉዌንሳ ክታበት ለበዋ ይብገረልኪ፡ **ዝጅምረሉ ዕለት፡ 4 ሕዳር**
  እቲ ክታበት ንዓኽን ነቲ ህጻንን ይከላኸል እዩ።

**ብኸም'ዚ ኣገባብ ኢኻ ትኽተብ፡**
- ብባንክ መንነት/ባንክ-ኢደ ወይ ኤለተሮኒካዊ-መንነት ግይርካ ብዲጊታላዊ መንገዲ ቆጸራ ሓዝ።
- ናብ'ቲ ብዘይ-ቆጸራ/ድሮፕ-ኢን ክታበት ምጻእ።
- መለለዪ መንነትካ ሂዝካ ምጻእ።

ኩሉ ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበታት (ብቋንቋ ሽወደን)፡ 1177.se/Gavleborg

**ብደሓን ምጻእ!**

ምስ ሕውነታዊ ሰላምታ፡
Shah Jalal, smittskyddsläkare, Region Gävleborg
Maria Nordström, vaccinsamordnare, Region Gävleborg